# መጽሓፍ ቅዱስ ዘንድዱ 'ፍጡራት' ተቐልቂሎም

ብዕለት 16 ታሕሳስ 2000፣ ምስቲ ቀያሕቲ ሀንዳውያን ንተጻባእቶም ምስ ሰዓሩ ዘውከእዎ ብስራት ዝዳረግ ድሙቕ ዕልልታ ተሰምዐ። ምኽንያት፣ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣልባሳትን ንብረትን ስለዝዓነወ። እቶም ንብረት እንዳማተዎም ዘዕነው ናይ ከተማ ጀጋኑ "እቲ ዕውት ስርሒቶም" ተርጊአ ዶ ክንብሎ፡ ቀጻሊ ምኳኑ፣ ንጋዜጠኛ ከይተረፈ ብሓበን እናፈከሩ፡ ኣጉባዕቢዮም ከይዶም። ልክዕ ከም ወታሃደራት ወያነ።

እሙኑ ክሓዱ እዚ ፍጻመ'ዚ ኣብ መበል 21 ክ/ዘመን፣ ኣብታ ሰብ ከይተሸቖረረ ዝነብረላ እትብሃል ኣዝያ ቅስንቲ ከተማ ኣስመራ፣ ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስትያን እንዳስላሰ'ዩ ተፈጺሙ። ካብኡ ዘይንእስ ከኣ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ቀዳ ብዘመን ኢሰፓ (ኮሙኒዚም) ዘይተፈጸመ "መጽሓፍ ቅዱስ ዝቐዱን ዘንድዱን ኣረሜውያን ፍጡራት ሰዲዱልና።

እቶም ተሓለቕቲ ሃይማኖት ኢና በሃልቲ፣ እከይ ተፈጺሙ ኢሎም እንተሓሲቦም፣ ኣባትር ከልዕሉ ድዩ ዘለዎም! እቲ መጽሓፍ ደኣሞ "ኣነ ግን እብለኩም ኣለኹ ጸላእትኹም ፍተዉ፣ ንዚረገሙኹም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኮኑ፣ ንሱ፣ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ጸሓይ የብርቕ፣ ንጻድቃንን ንሓጥኣን ድማ ዝናብ የዝንብ እዩ፣ ንዝጸልኡኹም ጸቡቕ ግበሩ ስለቶም ዝጸርፉኹም ዚረግሙኹምን ጸልዩ" ማቴ.5፡44-45 እንድዩ ዝብል። ኦ! ኦ ለካ እዚ ኣብቲ ዘንደድኩሞ መጽሓፍ'ዩ ዝርከብ። ድሓን ንሱ ይጽንሓልና ግን ኣብ ኤርትራ ዕላማታትካ፣ ብናዕብን ሀውከትን ሓይልን ኣስገዳድን ከተተግብረሉ እትኽእል ቦታ ከምዘይኮነ ትፈልጡ'ዶ!

በሉ ኤርትራዊ ደኣ ጌረ ኢሉ ኣይጀሃርን'ዩ'ምበር ቀያን ቀላን እዞም መንእሰያትን ግሕበሮምን ቀሩብ ክጠቕሰልኩም፣

-ከም ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ሃገር ቅድሚ ኩሉ ከም እትስራዕ ይለብኩን ብግንባር ደሞም የፍስሱን ኣለዉ።

-ኣብ ግዜ 3ይ ወራር ንኣብነት ግሕበር መካነ ሂወት፣ ብምሉእ ዓቕሞም ኩሎም ኣባላት ኣብ ሆስፒታል መካነ ሂወት ተዋፊሮም ንጀጋኑ ኣሕዋቶም ንምሕጋዝ ወርሒን ክልተ ቕነን ኣብ ትንፋስ ዘይህብ ስራሕ ካብ ሰዓት 6፡00 ቅ.ቀ ክሳብ 8፡00 ድ.ቀ ብዘይ መበረዲ ብልዑል ኒሕ ኣገልጊሎም።

-ንኽልተ እዋን ኣብ ደም ምልጋስ እቲ ግሕበር ብምሉእ ተሳቲፎሉ ኣዝዩ ልዑል ምንባሩን ካብቶም ደም ዝለገሱ 200 ኣባላት ብምሉእም ካብቲ ሕጂ እትጥቕንዎም ዘለኹም ፍረ ምንዝርና ዝኾነ ሕማም እይድስ፣ ነጻ ምጽንሖምን ብሚኒስትሪ ጥዕና ብኸቡር ዶ/ር ሳልሕ መኪ ቃል ምስጋናን ናእዳን ምርካቦምን ከ ትፈልጡ'ዶ። እዚ መቸም ንወደብቲ እቲ ኣድማ መልሓሶም ዘሕይኽ ፍጻመ'ዩ።

እዋ መጽሓፍ ቅዱስ ከንድድ ዘይተሰከፈ ጉጅለ፣ ኮንዶም ረኺብና ኢሉ ንምጥቃን እንታይ የጸግሞ! ንምንታይ ከ እታ ኮንዶም ደርብዩ ዘልዓላ፣ ይቕረታ፣ ዝረኸባ ዲያቆን ሰሙ ንምጉላጽ ፍጆደኛ ዘይኮነ!

ኣብቲ ዝተጠቕሰ ቅዱስ ቦታ ምንዝርና ይትረፍ፡ እቶም እትጥቕንዎም ዘለኹም ንስኻትኩም'ኳ ክትፍጽምዎ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል ጥርጣረ ብወገነይ የብለይን። ንስኻትኩም'ኳ መበልየይ ምንዝርና ሕማምን ኣመሓጽኡን ካበይ ምዃኑ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍለጥ'ዩ፣ ብርግጽ ካበይ ከምዝመጽኡ፣

ጋዜጣ ሰቲት

# መጽሓፍ ቅዱስ ዘንድዱ…

*ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ*

እዚ ጉጅለ ናዕቢ እብ ፈቐዶ በዓላት ዝግበሮ ቦታ እናኸካይድ ብአግኡ እንተዝእለ አብዚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ አይበጽሐን። እቲ ዘገርም ሓላፊ እቲ ጉጅለ ዓሚ አብ እዋን ዳሜራ አብ ዉሽጥኹም "መናፍቓን" አለዉኹም፣ ብምባል ልቢ ነፍሲ ወከፍ ምእመና ዘሰንበረ መጁረ አብ ቅድሚ ዓሰርተታት አሽሓት ህዝቢ ከምዘስምዐ ዝዝከር'ዩ።

እቲ ኩነታት አዝዩ ዘሕዝን ዝገብሮ ከአ፣ እቶም መስረቲ እቲ ንብረቱ ዓንዩ ዘሎ ማሕበር ግቡእም ንምፍጻም አብ ዶባት ዓሪዶም አብ ዘለዉሉ እዋን፣ ንህዝብን መንግስትን ዝገደፍዎ ንብረት…እቲ ጉጅለ ተጻናትዩ ኩነታት መዝሚዙ ንብረቶም ከዕኑ ሰዓም ከጥፍኡ ምርአይ ናይ ግፍዒ ግፍዒ'ዩ፣ እምበር እቲ ማሕበር ዓሰርተታት ዓመታት ዕድመ እንደዩ ዘለዎ አብ ካልእ እዋን ድአ ዘይፍጸም፣

እቲ ዝሽፍአ ነገር፣ እቲ ጉጅለ ናይ ምጽያቕን ምዕናዉን ሸዉሃቱ መወዳእታ ዘይብሉ ምዃኑ'ዩ ፈኪሩ ዘሎ። ስለዝኾነ እተን ዝፈከሩለን ማሕበራት ምስ አጽነትወን እቲ ቀጻሊ ዕማሞም እንታይ እዩ ክኸዉን፣ ኦኖት ማሕበራት ወይ ሃይማኖታት'ዩ ኮን'የን ቀጺለን ዝጸንታ፣ እቲ ክፍለጥ ዘለዎ ግን ዘዘሓየላ ነቲ ዝነአሰ ዝወሓጠሉ ሃገር ኣይኮናን ዘሎና፣ ሃገር ምክብባር'ዩ ኤርትራ። ከምኡ እንተድአ ኮይኑ፣ እቲ ዓለም ምሉእ ዝፈንፈና ጥሩፍነት (ፉንዳሜንታሊስትስ) ብምንታይ ይፍለዩ፣ አብ ሃገርና ቀደም ብኹቡር ደም ዝሓለፍናዮ መድረኽ ሕንፍሽፍሽ ከደግሙልና ዝህቅኑ መርዛማት ስለዝኾኑ፣ እዚ ከአ ካልእ ኲናት'ዩ'ሞ ከምኡ ዘለዎ'ዩ'ሞ ህዝቢ ኤርትራ ንፉሕ።

እዞም ብናይ ባዕዲ ቋንቋ ስዋም ዘጠመቑ ጉጅለ አብዚ ሰላማዉን ህዱእን ህዝቢ አድማን ናዕብን ስለዘተኣታተዉ፣ ድኣይካ ብሓይሊ ምትግባር ስለዝመሃሩ፣ ንብረት ስለዘዕነዉ፣ ዜጋታት ስለዝሃረሙን ብዓቢኡ ከአ ሃገር ብወጻእተኛታት ተዓዚብቲ ተገቢእ አብ ዘላትሉ ህሞት ከምዚ ምፍጻም ግዕሪ ክንደይ ዘይሓላፍነታዉያን ብሃገር ዘይግደሱን ምዃኖም ስለዘብርህ፣ ብሕጊ ክሕተቱ ኣለዎም እብል።

ዮናስ ተኽለ

ኣስመራ

# ከጸልመካ ዝደለየስ…